# ንኣብ ስኮትላንድ ዝቕመጡ ግብረሶዶማውያንን ጾታኦም ዝቐየሩን ስደተኛታት (LGBT) ምኽሪ

ሚያዝያ 2003

LGBT - Tigrinya

ናይ ዝተፈላለዩ ሰባት ባህርይ ንቕበል፡ ከምእውን ንኹሉ ሰብ ብኣኽብሮትን ብዘይ ኣድልዎን ንቕበል።

ከምኣጋጣሚ ኮይኑ ግና፡ ሓደሓደ ሰባት ብምኽንያት ጾታዊ ምርጫኦም ወይ ባህሪኦም (ወይ እቲ ዝፍለጥሉ ጾታ) ኣድልዎ ከምእውን/ወይድማ ዘይግቡእ ኣቀባብላ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። ግብረሶዶማዊ ወይድማ ጾታኹም ዝቐየርኩም (LGBT) ስለዝኾንኩም፡ ኣብ ልዕሌኩም ናይ ምፍራድ፣ ምንሻው፣ ደስ ዘየብል ኣቀራርባ ወይድማ ስቓይ እንተደኣ ተፈጺሙ ትብሉ ኰንኩም እሞ ነዚ ብዝምልከት ከኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዑቕባ ሕቶ እንተደኣ ከተቕርቡ ደሊኹም፡ እዚ ሓጺር ጽሑፍዚ ሓገዝ፣ ምኽሪ፣ ከምእውን ሓበሬታ ኣበይ ከምእትረኽቡ ዝሕግዝ መግለጺ ዝሓዘ እዩ።

ናይ 1951 ውዕል ስደተኛታት ከምዚ ዝስዕብ ይገልጽ፥

> *"ዝኾነ ሰብ - ብምኽንያት ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ብሄር፣ ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ወይ ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ኣባል ብምዃኑ ስቅያት ክወርዶ ዝኽእል ኮይኑ፡ ካብ ሃገሩ ወጻኢ ኮይኑ ብኽምዚ ዝበለ ፍርሒ ክነብር ዘይደሊ ወይ ዘይክእል ስለዝኾነ ኣብ ትሕቲ እታ ሃገር እቲኣ ክነብር ዘይክእል ወይ ዘይደሊ."*

ክሳብ እዚ ሓጺር ግዜ፡ ግበርሶዶማውያን፣ ወይድማ ጾታኦም ዝቐየሩ ሰባት (LGBT) ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዑቕባ ሕቶ ንምሕታት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መምዘኒ ከምዘማልኡ ንምርግጋጽ ከቢድ እዩ ኔሩ። ኣብ ሰነ 30፡ 2002 ዓ.ም ብምሉእ ድምጺ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ውሳነ (ሕጋዊ ውሳነ) - *HJ (ኢራን)ከምእውን HT (ካሜሩን)*ብኣንጻሩ ድማ ናይ ስቴት ክፍሊ ጉዳይ ስደተኛታት *[2010] UKSC 31* – ሰባት ብምኽንታይ ናይ ጾታዊ ምርጫኦም እንተደኣ ተሰዲዶም ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታ ናይ ዑቕባ መሰል ክብሆም ይግባእ ክብሉ ተሰማሚዖም። እዚ ውሳነ እዚ ብዛዕባ ጾታኻ ምቕያር ብቐጥታ ዝሸፍን ኣይኮነን እንተኾነ ግና ሓጋዚ ክኼውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባዚ ምሉእ ሓበሬታ ኣባቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መርበብ ሓበሬታ ይርከብ፥ http://www.supremecourt.gov.uk/docs/UKSC_2009_0054_Judgment.pdf

## እዚ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝወሀብ ውሳነዚ ኣብ ልዕሊ ንግበረሶዶማውያን፣ ወይድማ ጾታኦም ዝቐየሩ ሰባት (LGBT) እንታይ ጽልዋ ይገብር?

ብምኽንያት ጾታዊ ምርጫኹም ወይድማ እቲ እትፍለጥሉ ጾታ ዑቕባ እንተደኣ ትሓቱ ኣሎኹም፡ ሕጂ ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ክሕግዘኩም ሕጊ ወጺኡ ኣሎ። በዚ ጉዳይዚ ምኽንያት ዑቕባ ምስእትሓቱ ዝነበረ ዕቕፋታት እኳ እንተተኣልየ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ግድን ዑቕባ ትወሃቡ ኢኹም ማለት ከምዘይኮነ ክትግንዘቡ ይባእ።

እቲ ቤት ፍርዲ ዘውጸኦ ሕጊ መሰረት፡ ግብረሶዶማውያን ሓተቲ ዑቕባ ኣብ መበቆል ዓዶም ካብ ስቅያን ንምድሓን ጾታዊ ባህርኦም ወይ ምርጫኦም ብምሕባእ ክነብሩ የብሎምን። እዚ ሕጊ እዚ ድማ፡ ቤት ምኽሪ ጉዳይ ስደተኛታት፡ ግብረሰዶማውያን ከምእውን ጾታኦም ዝቐየሩ ሰባት ናብ ዓዶም ምስዝምለሱ ጾታዊ ባህርኦም ወይ ምርጭኦም ብምሕባእ ብሰላም ክነብሩ ይኽእሉ እዮም ብማለት መርትዖኡ ንምቕራብ ከቢድ ጉዳይ ኮይኑዎ ኣሎ።

ኣብ ግንቦት 27፡ 2002 ዓ.ም ናይ ዓዲ እንግሊዝ መንግስቲ ምስዚ ምሉእ ብምሉእ ብምስምማዕ ዘውጽኦ መግለጺ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

*"ብምኽንያት ጾታዊ ባህርኦም ወይድማ ምርጭኦም ካብ ርጉጽ ዝኾነ ናይ ማእሰርቲ፣ ስቓይ፣ ወይ መከራ ሰግኣት ዝለዘለዎም ካብ ሓደሓደ ሃገራት ሃዲሞም ንዝመጹ ሓተቲ ዑቕባ ምጥራዝ ከነቋርጽ ኢና።*

## ግብረሰዶማዊ ወይድማ ጾታይ ዝቐየርኩ ግለሰብ (LGBT) ምስዝኸውን እሞ፡ ብምኽንያት ጾታዊ ምርጫይ ወይ ባህርየይ ኣብ ሃገረይ ድማ መከራ ዘጋጥመኒ ሰብ ምስዝኸውን፡ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ብምኽንያት ጾታዊ ምርጨኹም ወይድማ ባህርይኩም መከራ ምስበጽሓኩም፡ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ይግባእ፥

- ብዛዕባዚ ነቲ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ሓብርዎ። ምንም እኳ እዚ ጉዳይ እዚ ከቢድ እንተኾነ፡ ብዛዕባዚ እንተደኣ ዘይነገርክሞም፡ ቅንዕናኹም ክጠራጠርዎ ይኽእሉ ከምእውን ኣብቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ምዕዋት ዕድል ድማ ዓቢ ጽልዋ ከገብር ይኽእል እዩ።
- ብዛዕባዚ ምስ እትኣምንዎ ኣማኻሪ ንኣብነት ምስ ሓደ ካብ ኣባላት ሰራሕተኛታትና፣ ኣብ ካልእ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ዝርከብ ኣማኻሪ ወይድማ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ተዘራረቡ። ከምእውን እዚኣቶም ብዛዕባ ካልኦት ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ክኢላታት ክሕብርኹም እዮም።
- ብዛዕባ ናይ ግብረሶዶማውያን፣ ወይ ጾታኦም ዝቐየሩ ሰባት (LGBT) ጉዳይ ፍልጠት ዘልዎ ናይ ሕጊ ወኪል ርኸቡ ወይድማ ምረጹ። ኣብዚ ጉዳይዚ ተሞክሮ ዘይብሎም ምስዝኾኑ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብዛዕባዚ ዝወጸ ሕጊ ብዝምልከት ግቡእ ፍልጠት ከምዘለዎም ኣረጋጊጽኩም ፍለጡ።

### መን ክሕግዘኒ ይኽእል?

**ናይ ስደተኛታት ማሕበራት ከምእውን ጉጅለ ወለንታውታን ማሕበራት**

ናይ ስደተኛታት ማሕበራት፡ ከምኒ ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል፣ ከምእውን ካልኦት ወለንታውያን ማሕበራት –ናይ ግብረሰዶማውያን፡ ወይድማ ጾቶኦም ዝቐየሩ ሰባት ማሕበራት ዘጠቓልል – እቲ ዘድልየኩም ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ፡ ናይ ሕጋዊ፣ ጥዕና ወይድማ ናይ ሓገዝ ጉጅለ ኣብ መርካብ ክሕግኹም ይኽእሉ እዮም። ከምእውን ኣብቲ እትቕመጥሉ ኣባይቲ ወይ ገዛ፡ ምንጻል ወይድማ ምንሻው ምፍራድ ምስዘጋጥመኩም ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም።

እዞም ማሕበራትን ጉጅለታትን እዚኣቶም፡ ናይ ግሊ ህይወት ምስጢርኩም ይዕቅቡ ከምእውን ንስኹም ካብ ናትኩም ፍቓድ ወጻኢ ብዛዕባኹም ምስ ዝኾነ ካልእ ኣካል ኣይዘራረቡን እዮም። እዚ ናይ ምስጢር ምዕቃብ ጉዳይዚ ንኣስተርጎምቲ እውን ዝምልከት እዩ፤ ከም ክኢላታት ክሰርሑን ብዛዕባ ሓበሬታኹም ድማ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ክዘራረቡ የብሎምን። ከምእውን ብስልኪ ምዝርራብ እንተደኣ ዝቐለልኩም ኮይኑ፡ ብስልኪ ዝግበር ናይ ምስትርጓም ኣገልግሎት ክግበረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ካልኦት ጠቓምቲ ዝኾኑ መርበብ ሓበሬታትት፥

**ናይ ማዕርነት ኔትዎርክ**

www.equality-network.org/Equality/website.nsf/home?OpenForm

**LGBT Youth Scotland**

www.lgbtyouth.org.uk

**Stonewall Scotland**

www.stonewall.org.uk/scotland

**Scottish Transgender Alliance**

http://www.scottishtrans.org/

**UK Lesbian and Gay Immigration Group**

32-36 Loman Street, London, SE1 0EH

ስ.ቁ፡ 0207 922 7811

http://www.uklgig.org.uk/asylum.htm

**ሽግር/መከራ ሪፖርት ምግባር**

ክፍሊ ፖሊስ እውን ንግብረሰዶማውያን ወይድማ ጾታኦም ዝቐየሩ (LGBT) ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ዝተሓባበሩ ኣዝዮም ጠቓምቲ ክፍሊታት እዮም። ነቲ ናይ LGBT ምምሕዳር ሓላፊ ከተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ፖሊስ ብቐጥታ ክትዘራረቡ ዘይትኽእሉ ወይድማ ዘይትደልዩ እንተኹንኩም፡ ብናይ ሳልሳይ ምስጥር ዝሕሉ ኣካል ብምጥቃም ሪፖርት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ብዛዕባ መከራ ንሓደ ብፍቓደኝነት ዝሰርሕ ዝሰልጠነ ኣብ ሓደ ማሕበር ከምኒ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል (0800 085 6087) ዝሰርሕ፡ ኣካል ሪፖርት ንኽትገብሩ የኽእለኩም። እቲ ግለሰብ ድማ ኩሉ እቲ ዝነገርክሞ ሓበሬታ ምስወሰነ፡ ንስኹም ድማ ፖሊስ ነቲ ጉዳይ ክምርምሮ እንተደሊኹም ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።